ትሕዝቶ

1 ምንቅስቓስ ይኣክል ወግዓዊ ስሙ እንታይ ኢዩ፧ መዓስ`ከ ተመስረተ፧ 2

2 ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ብመን ዝቖመ ኢዩ፧ 2

3 ኣባላት ዓለም ለኻዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ባይቶ ክንደይ ኢዮም፧ ክንደይ ሃገራትን፡ በዓል መንን`ከ ኣለዋ፧ 2

4 ራኢ. እዚ ምንቅስቓስ እንታይ ኢዩ፧ 2

5 ዕላማ እዚ ምንቅስቓስ እንታይ ኢዩ፧ 2

6 ይኣክል፡ ንዕላማታቱ ንምዕዋት ዝጥቀመሉም ስትራጂ እንታይ ኢዮም፧ 3

7 ቀንዲ መትከላት ምንቅስቓስ ይኣክል ኣየኖት ኢዮም፧ 3

8 ቅርጺ ዓለም ለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል እንታይ ይመስል፧ 4

9 ክፍልታት ዓለምለኻዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል መነመን ይብሃላ፧ እንታይ ስራሕ`ከ ኣለወን፧ 4

10 ይኣክል፡ ብዛዕባ ኣብ 1997 ዝጸደቐ ሃገራዊ ቅዋም እንታይ መርገጺ ኣለዎ፧ 5

11 ይኣክል፡ ብዛዕባ ኣብዚ እዋን እዚ ንኤርትራ ወኪሎም ዝቖርቡ ኤርትራዊ ምልክታታት (Symbols)፡ ከም ባንዴራ፡ ሃገራዊ መዝሙር፡ ዘይሃይማኖታውያን ሃገራዊ በዓላት ብኸመይ ይሪኦም፧ 5

12 ይኣክል፡ ንሃገራውያን ፖለቲካውያን ውድባት ብኸመይ ይሪኦን፧ ምስኣተን ዝገብሮ ርክባት`ከ ኣሎ`ዶ፧ 5

13 ይኣክል፡ ምስ ህዝቢ ሱዳን ብፍላይ ከኣ ምስ መንግስቲ ሱዳን ክሰርሕ ይደሊ`ዶ፧ 6

14 ይኣክል፡ ምስ ህዝቢ ጁቡቲ ብፍላይ ከኣ ምስ መንግስቲ ጁቡቲ ክሰርሕ ይደሊ`ዶ፧ 6

15 ይኣክል፡ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ክሰርሕ ይደሊ`ዶ፧ 6

16 ብዘይካ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ይኣክል ከም ጸላእቲ ዝርእዮም ኣካላት ኣለዉ`ዶ፧ 6

17 ይኣክል፡ ዝኽተሎም ዘሎ መትከላት፡ ስትራተጂን ቅርጽን ቀወምቲ ድዮም፧ ወይ ምስ ግዜ ዝቅየሩ ኢዮም፧ 6

1 ምንቅስቓስ ይኣክል ወግዓዊ ስሙ እንታይ ኢዩ፧ መዓስ`ከ ተመስሪቱ፧

እዚ ምንቅስቓስ ብዝተፈላለየ ሃገራትን ከተማታትን ነናቱ መጸውዒ ስም'ኳ እንተሃለዎ፡ ዳርጋ ኣብ ኩለን ሃገራትን ከተማታትን ግን እታ "ይኣክል" ትብል ቃል ከም ኣርማ ደሚቓ ትርከብ። እቲ ብዓለም ደረጃ ዝተጠርነፈ ባይቶ ግን ብ"ዓለም-ለኻዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኤርትራውያን" ኢዩ ዝፍለጥ። ብዙሓት ሰባት ከኣ ብሓጺር "ይኣክል"ኢሎም ይጽውዕዎ። እዚ ምንቅስቓስ፡ ብከተማ ደረጃ ብ2019 ኢዩ ክተኣኻኽብ ጀሚሩ። ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመታት ኣኼባታትን ሓድሕድ ምርድዳእን ከቢድ ጻዕርን ግን ኣብቲ ካብ 30 ሓምለ ክሳብ 1 ነሓሴ 2021፡ ዘቃነየ ጉባኤ ወግዓውነት ለቢሱ ኢዩ።

2 ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ብመን ዝቕመ ኢዩ፧

ኩለን ኣባል ከተማታት ነናይ ገዛእ ርእሰን ብህዝቢ ዝተመርጹ ኣባላት ባይቶታት ኣለወን። ቁጽሪ ኣባላት ባይቶታት ካብ ከተማ ናብ ከተማ ይፈላለ ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ ከተማ ከኣ ብኣኣ ብዝተወሰነ ቁጽሪ ወከልታ ናብ ሃገራ ትልእኽ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ብወከልቲ ከተማታት ዝቕመ ባይቶታት ኣሎ። እዘን ሃገራት ከኣ ብመሰረት ዝተወሰነ ቀመር፡ ወከልተን ናብ ዓለም ለኻዊ ባይቶ ይልእኳ። ኣብዚ እዋን እዚ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ኣብ ዓለምለኻዊ ባይቶ በዚ ዝስዕብ ቀመር ተወኪላ ትርከብ። $3 + \frac{(n-3)}{3}$, n ንብዝሒ ተሳተፍቲ ከተማታት ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝውሰን ኢዩ። እዚ ማለት፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ዝርከባ ቀዳሞት 3 ከተማታት 3 መናብር ይወስዳ። ቀጺለን ዘለዋ ከተማታት ካኣ ሓንቲ መንበር ን 3 ከተማታት ወይ ከኣ በዚ ቀመር $3 + \frac{(n-3)}{3}$ ተወሲዱ ኣብ ዓለምለኻዊ ይኣክል ባይቶ ይውከላ። ንኣብነት ሓንቲ ሃገር 10 ከተማታት ኣለዋ ንበል።

$3 + \frac{(10-3)}{3}$ = 3 + 7/3 = 3 + 2.3 = 3 + 3 = 6 መናብር ይህልዋ ማለት ኢዩ።

3 ኣባላት ዓለም ለኻዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ባይቶ ክንደይ ኢዮም፧ ክንደይ ሃገራትን፡ በዓል መንን`ከ ኣለዋ፧

ኣብዚ እዋን እዚ ኣባላት ዓለም ለኻዊ ባይቶ 45 ኢዮም። እዞም ኣባላት እዚኣቶም ካብ 11 ሃገራት ዝተወከሉ ኢዮም። ክሳብ ሕጂ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ዓዲ እንግሊዝ፡ ስዊደን፡ ጀርመን፡ ፈረንሳ፡ ዓዲ ጥልያን፡ ደንማርክ፡ ስዊዘርላንድ፡ ካናዳ፡ ኣውስትራልያን ደቡብ ኣፍሪቃን ተወኪለን ኣለዋ።

4 ራኢ እዚ ምንቅስቓስ እንታይ ኢዩ፧

ኣብ ኤርትራ ቅዋምን ግዝኣተ-ሕግን መሰረት ዝገበረ ህዝባዊ መንግስቲ ምትካልን፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝነግሰላ፡ ሓድነት ህዝባ ዝዓቀበት፡ ናጻን ልኡላዊትን ሃገረ-ኤርትራ ምህላው ኢዩ።

5 ዕላማ እዚ ምንቅስቓስ እንታይ ኢዩ፧

- ህዝቢ ኣብዚ ምንቅስቓስ ብምዕሳል ንለውጢ ቅሩብ ምግባር።
- ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ ሱሩ ምሒኻ ምእላይ።
- ሕቶ ሰብኣዊ መሰላት ከም ምጽሓፍ፡ ብናጽነት ምንቅስቓስ፡ ናጽነት እምነታት፡ ማዕርነት ጾታን ቋንቋን ባህልን ክኽበር ምጽዋር።
- ጀጋኑ ስንኩላትናን፡ ስድራ ሓርበኛታት ስውኣትናን ጉዳዮም ብቅጽበት ዳግም ክረአን ክምርመርን ዝግቦኦም ዓስብን ደገፍን ክረኽቡ ምቅላስ።
- ንልኡላውነት ሃገርን ሓድነት ህዝባን ዝከኣል ዋጋ ምኽፋል።
- ግዝኣተ ሕጊ ዘኽብርን ብቕዋም ዝግዛእን፡ ነጻ ብዝኾኑ ሓጋግን፡ ፈጻምን፡ ፈራድን ኣካላት ዝቕመ ህዝባዊ መንግስቲ ምምስራት።

6 ይኣክል፡ ንዕላማታቱ ንምዕዋት ዝጥቀመሉም ስትራጂ እንታይ ኢዮም፧

ዓለም-ለኻዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ንዕላማታቱ ንምዕዋት ሰለስተ መድረኻት ከም ዘለውዎ ይኣምን። እቲ ቀዳማይ መድረኽ ንኹሉ ህዝቢ ኣብ ኀኒ እዚ ምንቅስቓስ ኣሰሊፍካ፡ ኣብዚ ዝግበር ናይ ለውጢ ምንቅስቓስ ተሳታፊ ምግባር ኢዩ። ንሃገራዊ ረብሓ ብምቕዳም ህዝቢ ምልዕዓልን ሓድነቱ ምትራርን። ብምልካዊ ስርዓት ዝዐነዉን ዘይተሃንጹን ትካላትና ናብ ንቡር ንምምላስ ኣብ መጻኢ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ህዝቢ ብኹሉ ሽነኽ ምእንቲ ክሳተፍ፡ ንዕኡ ዝበቅዕ ምድላዋት ምግባር።

እቲ ካልኣይ መድረኽ፡ ምስ ኩሉ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንኽመጽእ ዝዓይን ዝምነን ብምሽራኽ፡ ኣብ ኤርትራ ቅልጡፍ ለውጢ ንኽመጽእ ምጽዋር። ምስ ኤርትራውያንን ዘይኤርትራውያን ደገፍቲ ቃልስናን ብምትሕብባር ምልካዊ ስርዓት ካብ ኤርትራ ምሒኻ ምእላይ።

እቲ ሳልሳይ መድረኽ፡ ኣብ ኤርትራ ውሑስ ለውጢ ንኽመጽእ ናይ ሓላዊ ተራ ምጽዋት። ኩሎም ኣብዚ ለውጢ ክሳተፉ ዝደልዩ ውድባትን ሰልፍታትን፡ ውሕስነት ዲሞክራሲያዊ ምስግጋር ሰልጣን ዘረጋግጽ መሰጋገሪ መንግስቲ ኣብ ምቐም እጃም ምብርካት።

7 ቀንዲ መትከላት ምንቅስቓስ ይኣክል ኣየኖት ኢዮም፧

ምንቅስቓስ ይኣክል ሰለስተ ዘይነጻጸሉ መትከላት ኣለውዎ። ንሳቶም ከኣ ህዝባውነት፡ ጽምዶ፡ ሓደ ጸላኢ ተባሂሎም ይጽውዑ።

ህዝባውነት - ህዝባውነት ማለት፡ ናይ ህዝቢ ወይ ህዝቢ ዝሳተፎ፡ ዝዓሰሎ ወይ ዝውንንኖ ማለት ተባሂሉ ክግለጽ ይከኣል። ህዝባዊ ቃልሲ ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ዝሓትት፡ ናይ ህዝቢ ድልየታት ኣማእኪሉ ዝካየድ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣበርክትኡ ንኽወፈ ዕድል ዝኸፍትን፡ ሓላፍነት ዘሰክምን እዩ። ህዝባውነት ዘለዎ ቃልሲ ዝበሃል፡ ኩሉ መራሒ ይኸውን፡ ኩሉ ማዕረ እጃም ይህልዎ፡ ኩሉ ብማዕረ የበርክት ማለት ኣይኮነን። ኩሉ ብዝኽእሎን ብዘደልዮን ንኽበርክት ምእንቲ፡ ዝኾነ ማሕለኻ ከይህሉ ዝፍትሽ፡ ተሳታፍነት ናይ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ወይ ጉጅለ፡ ሕብረተ-ሰብ ንኽድንፍዕ ዝጉስጉሰ፡ ዘተባብዕን ዘንቅሕን መስርሕ ቃልሲ እዩ። ህዝባዊ ቃልሲ ንናይ ሓባር ህዝባዊ ረብሓ ዝደቁስ ከይድታት ይኹንን፡ ይእርምን፡ ናብ መስመር ይመልስን። ንምረት፡ ሕሰም፡ ዓመጽ ዜጋታት ንምቅራፍ፡ ዜጋታት ብዘስምዕዎ ኣውያት ዝጅምር እዩ። ናይ ውልቀ ዜጋታት እኩብ ኣውያት ምርኩስ ዝገበረ፡ ናይ ህዝቢ ኣውያት ንምፍዋስ ዝካየድ ቃልሲ፡ ብናይ ውልቀ ዜጋታት ምትእኽኻብ ዝትከል ህዝባዊ ቃልሲ እዩ።

ጽምዶ - ጽምዶ ኣብተን መሰረት ህዝቢ ጌረን ዝምስረታ ህዝባውያን ምንቅስቓሳት ኣገዳስን እቲ እንኮ ሕመረትን መሪሕ ኣገባብ እምነ-መሰረት እዩ። ዓለም-ለኻዊ ባይቶ ይኣክል ምስ ኩሎም ዲሞክራሲያውያንን ፍትሓውያንን ናይ ፖለቲካ ሰልፍታት ይኹና በርጌሳውያን ማሕበራት፡ እቲ ዘውጽኦኦን ዝሰርሓሉን ዕላማታት ንኤርትራ ከም ሃገርን ንህዝባን ቀዳምነት ዝሰርዕ ክሳብ ዝኾነ፡ ጽምዶ ብምፍጣር ንክሰርሕ ከም ሕመረት መትከል ሰሪዑ ተብጊሱ፡ ኣብ ምዕዋቱ ከኣ ይነጥፍ ኣሎ። ሓደ ካብ'ቲ ኣወንታዊ ብልጫታት ዓለምለኻዊ ይኣክል፡ ተሳታፍነት ኩሉ ኤርትራዊ ምርግጋጽ እዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ ኣንጻር ዓመጽን ጥልመትን ብተናጸል ክዕወት ከምዘይክእል ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ተማሂሩ ሰለዝኾነ፡ ነቲ በብሃገሩ ይኣክል ኢሉ ባይቶታቱ ተኺሉ ዘሎ ተቓላሳይ ንፍትሒ፡ ዓቕሚ ሰቡን ንዋቱን ኣወሃሂዱ፡ ብዝሰፍሐን ዝሓየለን ዓቕሙ፡ ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ንኽቃለሱ፡ ብዓለም-ለኽ ደረጃ ክጥርነፍ ኣገዳሲ ኮይኑ ይረኽቦ። ዓለምለኻዊ ይኣክል ዝዛመዶም ሓይልታት ንሃገራዊ ዕላማ ዝቃለሱ፡ ሰልጣን ናይ ህዝቢ ምኻኑ ዝኣምኑን፡ ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትካል ዝቃለሱን ኤርትራውያን ሓይልታትን ደገፍትን ክኾኑ ክምዝግባእ ከም ርዱእ ክውሰድ ይከኣል።

ኣተኩሮ ኣብ ሓደ ጸላኢ - ኣብ ቃልሲ፡ ምስ መትከላትን ዕላማታትን ብምስናይ ኣተኩሮ ምቅናዕን ምንጻርን ኣገዳሲ'ዩ። ቀንዲ ጸላኢ ዘየነጸረ ቃልሲ ምስልሳል ውጽኢት ኣይርከቦን ጥራሕ ዘይኮነስ ንዝበኣሰ ሽግራትን ሓደጋታትን ዘቃልዕ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ስርዓት ዘተኣታተዎም ዘይዲሞክራሲያውያን እምነታት፡ ኣተሓሳሰባታትን ተግባራትን ብፍላይ ድማ ኩሉ ዝተፈጸሞን ዝገብሮ ዘሎ ደረት ኣልቦ ዕንደራን ግፍዕታትን ምስክርነት ዘየድልዮ ሓቂ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ጠንቂ ሰደት፡ ሓድሕድ ምትፍናን፡ ዘይምትእምማንን፡ ኩሉ መዳያዊ ድሕረትን፡ ምኻኑ ብምእማን፡ ኣንጻሩ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ከም ቀንዲ ጸላኢ ህዝብን ሃገርን ክረኣይን፡ ንምውዳቕ ብኹለንትናዊ መዳያት ክሰርሓሉ ዝጉስጉሰ መትከል ኢዩ።

8 ቅርጺ ዓለም ለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል እንታይ ይመስል፧

ዓለም ለኻዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ካብ ኩለን ኣባል ሃገራት ዝተወከሉ 45 ኣባላት ኣለውዎ። 45 ኣባላት ከኣ ኣባላት ባይቶ ኢዮም። ካብዞም 45 ኣባላት፡ 10 ኣባላት ፈጸምቲ ኣካላት ኢዮም።

ፈጻሚ ኣካል በዞም ዝስዕቡ ይቖውም።

1. ኣቦ መንበር
2. ምክትል ኣቦ መንበር
3. ጸሓፊ
4. 7 ሓለፍቲ ክፍልታትን ይቖውም።

ፈጻሚ ኣካል ብኣባላት ባይቶ ኣብ ባይቶኣዊ ጉባኤ ይምረጽ።

9 ክፍልታት ዓለምለኻዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል መነመን ይብሃላ፧ እንታይ ስራሕ`ከ ኣለወን፧

1. *ክፍሊ ባይታኣዊ ርክባት (Ground Connection)*
   እዚ ክፍሊ እዚ ነቲ ኣብ ከባቢ ኤርትራ ዘሎ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ጸጥታውን ምዕባለታት ዝከታተል ክፍሊ ኢዩ። ምስ ግዜ እንዳተጓዕዘ ከኣ፡ ነዚ ምንቅስቓስ ይጸልዉ ኢዮም ካብ ዝበሃሉ ኣወንታውን ኣሉታውን ሓበሬታታት ብምእካብ፡ እዚ ምንቅስቓስ ምስ ኣብ ኤርትራን ከባቢ ኤርትራን ዘለዉ ባእታታት ርክባት ብምፍጣር ለውጢ ንምቅልጣፍ ዝሰርሕ ክፍሊ ኢዩ።

2. *ክፍሊ ጽምዶ (Engagement)*
   እዚ ክፍሊ እዚ ነቲ ጽምዶ ዝበሃል መትከል ብምስዓብ፡ ምስ ኤርትራውያን ደለይቲ ለውጢ ርክባት ብምፍጣር ንናይ ሓባር ዕላማ ብሓባር ንምስራሕ ዝከታተልን ዝሰርሕን ኢዩ። ክፍሊ ጽምዶ ንመሰረታዊ ዕላማታት ይኣክል ብምስዓብ፡ ምስ ናቱ መትከላት ምስ ዝሰማምዑ ኤርትራውያን ውልቀ ሰባት ይኹኑ ውድባት ብሓባር ንምስራሕ ዝጉስጉስን፡ ኣብ ውሑስ ጽምዶ ንምብጻሕ ቀጻሊ ርክባት ዝገብርን ኢዩ።

3. *ክፍሊ ፖለቲካዊ ጉዳያትን ስትራተጂካዊ ውጥንን (Political Affaires & Strategic Planning)*
   እዚ ክፍሊ እዚ ማእዝን ይኣክል ንምቕናዕን ንዕላማታቱ ንምትግባር ዝሕግዙ ንድፊ ዕዮ ኣብ ምንዳፍን ምስ ኩሎም ዓቅሚ ዘለዎም ኤርትራውያን እንዳተሓባበረ ዝሰርሕ ክፍሊ ኢዩ። ምስ ግዜ ክኸዱ ዝኽእሉ መርሓ ሕንጻጻት እንዳሰኣሉ፡ ንካልኦት ክፍልታት ዝምግብ ቀንዲ ቀላሲ ናይዚ ምንቅስቓስ ኢዩ። እዚ ክፍሊ እዚ፡ ምስ ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን ብምውህሃድ፡ ህዝቢ ኣብ ነንበይኑ እዋናት ክፈልጦምን ክዳለወሎምን ዘለዎም ኣገደስቲ ጉዳያት ይሕንጽጽ።

4. *ክፍሊ ውደባን ጎስጓስን (Mobilisation)*
   እዚ ክፍሊ እዚ ኣብዚ ቀዳማይ መድረኽ ዓቢ ስራሕ ዘለዎ ክፍሊ ኢዩ። ህዝቢ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ምኹን ጥራይ ዘይኮነ፡ ተወዲቡ ኣድማዒ ስራሕ ንኽሰርሕ ዝጽዕት ክፍሊ ኢዩ። ኣብ ሃገራትን ከተማታትን ወሪዱ ከኣ ህዝቢ ኣብ ኩሉ መዳይ ናይዚ ቃልሲ ንኽሳተፍ ዝሰርሕ ክፍሊ ኢዩ። እዚ ክፍሊ እዚ ምስቶም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከተማ ዘለዉ ናይ ጎስጓስ ኣለይቲ ብምምሕዛው፡ ተሳታፍነት ናይ ኩሉ ኣባል ሕበረተሰብ ዘረጋግጽ ክፍሊ ኢዩ።

5. *ክፍሊ ገንዘብ (Finance)*
   ኣብዚ ኣንጻር ምልኪ ዝግበር ዘሎ ኩሉ እንተናዊ ምንቅስቓስ፡ ተራ ገንዘብ ወሳኒ ኢዩ። ኩሉ ዝድለ ስርሓት ንኽዕመም ድማ ገንዘባዊ ደገፍ የድሊ። እዚ ክፍሊ እዚ እምበኣር ይኣክል ገነባዊ ዓቕሙ ንምዕባይ ዝሰርሕ ክፍሊ ኢዩ። ምስ ክፍሊ ጎስጓስ ብምኹን ከኣ ህዝቢ ነዚ ምንቅስቓስ ብዘለዎ ዓቕሚ ንኸበርክት ጎስጓስን ጻዕርን ዝገብር ክፍሊ ኢዩ። ገንዘብ ምእካብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ተሓታትነት ብዘለዎ መንገዲ፡ ይምዝግብን ይቆጻጸርን ምስ ባይቶ ብምዝታይ ድማ ባጀት ይስልዕ።

6. *ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን (Media)*
እዚ ክፍሊ እዚ ኣብ ረድዮ፡ ተለቭዥን፡ ማሕበራዊ መድያን መርበብ ሓበሬታን ይነጥፍ። ብይኣክል ዝወጹ ሓተታታት፡ እዋናዊ ሓበሬታ፡ ብኣካየድቲ ይኣክል ዝግበሩ ቃለ መሕትታትን ኣገደስቲ መግለጺታትን የዳሉን የቕርብን። ብህዝቢ ንዝመጽእ ሕቶታትን ርኢቶታትን የአንግድ። እዚ ክፍሊ እዚ መዓልታዊ ኣብ ስራሕ ዝተጸምደ ክፍሊ ኢዩ። ካብ ኩሎም ካልኦት ክፍልታት ከኣ ሓበሬታ ይምገብ።

7. *ክፍሊ ሎቢ ("ዲፕሎማሲ") (Lobbying "Diplomacy")*
እዚ ክፍሊ እዚ ምስ ኩሎም መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላትን ማሕበራትን ዝራኸብ ክፍሊ ኮይኑ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ናይ ህዝቢ ስቓይ፡ ማሕበረ ሰብ ዓለም ንኽፈልጥ ዝዓዩ ክፍሊ ኢዩ። ኣብ ኤርትራን ኢርትራውያንን ዘሎ ፖለቲካውን ማሕበራውን ጸገማት፡ ናይ ዓለም ትካላት ንኽፈልጠኦን ኣንጻር ውልቀ ምልካዊ ስርዓት ጠጠው ንኽብላ ኣፍልጦኦን ንምዕባይ ዝሰርሕ ክፍሊ ኢዩ። ኣብ በበይኑ እዋን መግለጽን ጥርዓንን እንዳኣቕረበ ከኣ ምንቅስቓስ ይኣክል ዝቕመሉ ዕላማ ኣብ ዓለም ተፈላጥነት ንኽህልዎ ይሰርሕ።

10 ይኣክል፡ ብዛዕባ ኣብ 1997 ዝጸደቕ ሃገራዊ ቅዋም እንታይ መርገጺ ኣለዎ፧

ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል፡ ነቲ ኣብ 1997፡ ብ450 ኣባላት ቅዋማዊ ባይቶ ዝጸደቕ ሃገራዊ ቅዋም ሓደ ካብ ሰነዳት ህዝቢ ኤርትራ ምኳኑ ይኣምን። ድሕሪ ምጽዳቑ ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ምኳኑ ከኣ ወሲኹ ይኣምን። ብዛዕባ ሕጋውነትን ዘይሕጋውነትን ናይዚ ቅዋም ብዝምልከት፡ ይኣክል፡ ኣብዚ እዋን እዚ መርገጺ ዝወስደሉ ግዜ ከምዘይኮነ ከኣ የስምር። "እዚ ቅዋም እዚ ክእረም ዝግበኦ ዓንቀጽ ኣለዎ" ዝብል ይኹን "ሕጋዊ ኣይኮነን" ዝብል ዝኾነ ይኹን ባእታ መሰሉ ምኳኑን፡ ኣብ መሰጋገሪ እዋን ዝፍታሕ ምኳኑን ከኣ ደጊሙ ይኣምን። ይኹን እምበር፡ እዚ ቅዋም እዚ ብዙሕ ጸዓትን ገንዘብን ዝፈሰሶ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስ ኩሎም እቶም ኣብ ዓለም ቅድሚኡ ዝተጻሕፉ ቅዋማት፡ ኣብቲ ሓፈሻዊ ሰብኣዊ መትከላት ፍልልይ ስለ ዘይብሉን፡ መበገሲ ናይቲ ድሕሪ ምውዳቕ ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ክኸውን ከምዝኽእል ይኣክል ጽኑዕ እምነት ኣለዎ።

11 ይኣክል፡ ብዛዕባ ኣብዚ እዋን እዚ ንኤርትራ ወኪሎም ዝቕርቡ ኤርትራዊ ምልክታታት (SYMBOLS)፡ ከም ባንዴራ፡ ሃገራዊ መዝሙር፡ ዘይሃይማኖታውያን ሃገራዊ በዓላት ብኸመይ ይሪኦም፧

ኤርትራ፡ ድሕሪ ናይ 30 ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣብ 1991 ብደቃ ካብ ባዕዲ ነጻ ዝወጸት ሃገር ምኳና ይኣምንን ናጽነታ ዓቂባ ንክትጓዓዝ ከኣ ይሰርሕን። እቲ ኣብ 1991 ንኣስመራ ዝኣተወ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ስልጣን ናብ ህዝቢ ዝርከበሉ መንገዲ ክፈጥር ይግበኦ ከም ዝነበረ ከኣ ይኣክል ኣትሪሩ ይኣምን። ይኹን እምበር፡ ኣብ ኤርትራ፡ ብህዝባዊ ግንባር ዝተዓብለለ መንግስቲ ምቖሙ ኣይክሕድን። ኩሉ እቲ፡ ኣብ ኤርትራ ዝተገብረ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ከኣ ቡቲ ብህዝባዊ ግንባር ዝተዓብለለ መንግስቲ ኢዩ ተፈጺሙ። ስለዚ፡ ይኣክል ነታ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ተተኺላ ዘላ ባንዴራ ከም ሕጋዊት ባንዴራ ይሪኣ። ነታ ኤርትር ኤርትራ እትብል ሃገራዊት መዝሙር ከም ሃገራዊት መዝሙር ይሪኣ። ኩሎም ዘይሃይማኖታውያንን ሃገራውያንን በዓላት (ሓደ መስከረም፡ 24 ግንቦት፡ 20 ሰነ) ከኣ ከም ሕጋውያን ሃገራውያን በዓላት ይሪኦም ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ንዓታቶም ንምዝኻር የብዕሎም። ነዞም ምልክታታት ይኹኑ በዓላት ናይ ምቕያር ይኹን ናይ ምስራዝ ሓላፍነት፡ ናይቲ ብሃገራዊ ቅዋም ዘመሓድር ሃገራዊ ባይቶ ምኳኑ ይኣምን። ኣብዚ እዋን እዚ ናታቶም ግዙእ ኮይኑ ከይከይድ ግን ብግብሪ ይሰርሕ።

12 ይኣክል፡ ንሃገራውያን ፖለቲካውያን ውድባት ብኸመይ ይሪኦን፧ ምስኦቶን ዝገብሮ ርክባት`ከ ኣሎ`ዶ፧

ይኣክል ንኹለን ሃገራውያን ውድባት ከም መሻርኽቱ እምበር ከም ጸላእቱ ኣይርእየንን ኢዩ። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ከም ኣባላቱ ኢዩ ዝሪኣን። ብዙሓት ኣባላት ካልኦት ፖለቲካውያን ውድባት፡ ኣባላት ይኣክል ኢዮም። ይኣክል ከም መቃለሲ ባይታ ዝቕመ፡ ዓቕምኻ ኣበርክቶ ክትገብረሉ እትኽእል ናይ ህዝቢ ትካል ኢዩ። ይኣክል ንፖለቲካውያን ውድባት ይኹና ሰልፍታት ምስ ይኣክል ዝሰማማዕ መትከልን ዕላማን ክሳብ ዝሃለወን ምስኦን ብጽምዶ ንምስራሕ ድሉው ኢዩ። ኣብ ሓደን እንኮን ጸላኢ ዝቕነዐ ኣበርክቶ ክሳብ ዝገበራ ከኣ፡ ከም መኽሰብ እምበር ከም ክሳራ ክረኣያ ኣይግባእን ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣለዎ። ስለዚ፡ ኣብተን ሰለስተ መትከላቱ ተመርኩሱ ምስ ኩለን ዝምድና ክገብር ዝዓግቶ ዝኾነ ይኹን ሕጊ የለን።

ይኣክል ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ጽምዶ ዝብል መትከል ሒዙ ኢዩ ተበጊሱ - ጽምዶ ምስ ኩሉ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ዝዓዩ ባእታ - በቲ ናይ ጽምዶ ትካሉ (ክፍሉ)ጌሩ ከኣ ምስ ኩለን ውድባትን ሰልፍታትን ክራኸብ ካብ ዝጅምር ዳርጋ ካብዚ ምስራት ኣትሒዙ ኢዩ። ስለዚ እቲ መልሲ እወ ኢዩ። ኣብ መጻኢ ናብ ሓደ ሃገራዊ ጽላል ክምዕብል ከኣ ለይትን መዓልትን ይጽዕር።

13 ይኣክል፡ ምስ ህዝቢ ሱዳን ብፍላይ ከኣ ምስ መንግስቲ ሱዳን ክሰርሕ ይደሊ`ዶ፧

ሓጺር መልሲ እወ ኢዩ። ህዝቢ ሱዳን ልክዕ ከም ኩለን ጎረባብቲ ሃገርና ዝኾኑ ህዝብታት ብሰላም ክነብር ዝደሊ ህዝቢ ኢዩ። ኣብ ብዙሕ እዋናት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ናይ 30 ዓመታት ናይ ዕጥቂ ቃልሲ፡ ንህዝቢ ኤርትራን ቃልሱን ዝሓገዘ ህዝቢ ኢዩ። ናጽነት ኤርትራ ኣብ ምእማን፡ ሱዳን፡ ሓንቲ ካብተን ቀዳሞት ንናጽነት ኤርትራ ዝኣመና ሃገራት ኢያ። ሕጂውን ኣብዚ ኣንጻር ምልኪ እነካይዶ ዘለና ቃልሲ፡ መንግስቲ ሱዳንን ህዝቢ ሱዳንን ክድግፉናን ክሕግዙናን ንምነን ንሰርሕን። መንግስቲ ሱዳን፡ ልክዕ ከም ህዝቢ ኤርትራን ጎረባብቲ ሃገራትን፡ በቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዓንዳሪ ስርዓት ብዙሕ ግዜ ተሳቐዩ ኢዩ። ስለዚ ምጥፋእ ናይዚ ዓንዳሪ ስርዓት፡ ምስ ሱዳን ክህሉ ዝግበኦ ጽቡቕ ጉርብትና ኣብ ምፍጣር ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣለዎ።

14 ይኣክል፡ ምስ ህዝቢ ጃቡቲ ብፍላይ ከኣ ምስ መንግስቲ ጃቡቲ ክሰርሕ ይደሊ`ዶ፧

ሓጺር መልሲ እወ ኢዩ። ህዝቢ ጅቡቲ ልክዕ ከም ኩለን ጎረባብቲ ሃገርና ዝኾኑ ህዝብታት ብሰላም ክነብር ዝደሊ ህዝቢ ኢዩ። ኣብ ብዙሕ እዋናት ከኣ፡ ኤርትራ ንልኡላውነት ጅቡቲ ብምድፋራ ትኽሰስ ኢያ። ጅቡቲ፡ ልክዕ ከም ይኣክል ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ኢሳያስ ተሪር ዝኾነ መርገጺ ኣለዋ። ስለዚ መሓዛ ይኣክል ዘይትኾነሉ መንገዲ የለን። ኣብዚ ይኣክል ዝንብሮ ዘሎ ቃልሲ ከተበርክቶ እትኽእል ሓገዝ እንተደኣ ሃልዩ ከኣ ምስኣ ኮይኑ ዘይሰርሓሉ ምኽንያት የለን።

15 ይኣክል፡ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ክሰርሕ ይደሊ`ዶ፧

ብክለሓሳብ ደረጃ፡ እቲ መልሲ እወ ኢዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ልክዕ ከም ኩለን ጎረባብቲ ሃገርና ዝኾኑ ህዝብታትን ዓለምን ብሰላም ክነብር ዝደሊ ህዝቢ ኢዩ። ስለዚ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክህልወና ዝግበኦ ዝምድናታት ከም ምስ ኩሉ ጎረባብቲ ህዝቢ ክህልወና ዝግበኦ ዝምድና ምኹኑ ይኣክል ኣጽኒዑ ይኣምን። ይኹን እምበር፡ ኣብዚ እዋን እዚ ንልኡላውነት ኤርትራ ዝፈታትን ወይ ድማ ብወግዒ ዘይፍለጥ ውዕላት፡ ኣብ መንጎ እቲ ጸላኢ እንብሎ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ናይ ውልቀ-ሰብ ስርዓትን፡ መንግስቲ ኢትዮጵያን ብቐጻሊ ይግበር ኣሎ። ስለዚ፡ ኣብዚ እዋን እዚ፡ ክሳብ መርገጺ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘይተቐየረ ምስኡ ክሰራሕ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ መጻኢ፡ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ብወግዒ ንወጽዓ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ዝኣምኑ ግን ምስኦም ኮይንካ ዘይሰርሓሉ መንገዲ የለን።

16 ብዘይካ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ይኣክል ከም ጸላእቲ ዝርእዮም ኣካላት ኣለዉ`ዶ፧

ይኣክል፡ ንኹሎም ምስ ዕላማታት ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ወጊኖም፡ ንዋታውን ሞራላውን ሓገዝ ዘበርክቱ፡ ደገፎም ጠጠው ኩብሉ፡ እንተኺኢሎም ከኣ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ጠጠው ኢሎም ዕድመ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ምሕጻር እጃሞም ከበርክቱ ይምሕጸንን ይመክርን። እንተዘይኮነ፡ ንዓታቶም ከም ጸላእቲ ቆጺሩ፡ ካብቲ ቀንዲ ዕላምኡ ኣይወጽእን ኢዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ጠንቂ ዕንወትን ብርሰትን ኤርትራን ህዝባን፡ እቲ ኣብ ኣስመራ ዓስኪሩ ዘሎ ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት ጥራሕ ኢዩ። ስለዚ፡ ይኣክል ኩሉ ዘለዎ ዓቕሚ ኣንጻር እቲ ሓደን ንጹርን ጸላኢ ጥራይ ኢዩ ከቕንየ ዝደሊ።

17 ይኣክል፡ ዝኽተሎም ዘሎ መትከላት፡ ሰትራተጂን ቅርጽን ቀወምቲ ድዮም፧ ወይ ምስ ግዜ ዝቅየሩ ኢዮም፧

ይኣክል፡ ማሕበራውን ፖለቲካውን ምንቅስቓስ ኢዩ። ስለዚ ምስ ግዜ ዝቕየሩ ምዕባለታት፡ ንዕኡ እውን ክቕይርዎ ከም ዝኽእሉ ንኡር ኢዩ። ስለዚ ይኣክል፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ መሳርዑ ዘመዓራራ፡ (Adaptable)ምስ ግዜ ዝቕልቀሉ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ገምጊሙ ምስ ግዜ ዝጓዓዝ ትካል እምበር፡ በቲ ዝጀመሮ ዝቕጽል ደረቕ ትካል ኣይኮነን። ይኹን እምበር፡ ሓደን ዘይቅየርን ዕላማን ተልእኾን ግን ኣለዎ፣ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ውልቀ-ምልካዊ ምሕደራ ኣሊኻ ኣብ ቦትኡ ንህዝቢ ዘገልግል ህዝባውን ዲሞክራሲያውን ስርዓት ምትካል።